# ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር

## ምስ መንእሰያት ተመሃሮ ዓውደ ዘተን ልዝብን ኣሰላሲሉ፡፡

ብ16 ጥቅምቲ 2011 ኣብ መንጎ ኣባላት ሰክረታርያ ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ግንባርን ካብ ዩኒቨርስቲ ኣዲስ ኣበባ፡ ሸሸመኔን ኣፍሪቃ ኮሌጅን ዝተዋጽኡ መንእሰያት ተመሃሮ ንልዕሊ ሓሙሽተ ሰዓት ዝወሰደ ሰፊሕን ዓሚቕን ዓውደ ዘተን ልዝብን ምስልሳሉ ካብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ዝመጸ ሓበሬታ የረድእ።

ኣባላት ሰክረታርያ ብጾት ብርሃነ የማነ፡ ክ/ዮውሃንስ ወልደገርጊስ፡ መምህር ተስፉ ዘወደን ንተሳተፍቲ ኣኼባ ነቲ ኣብ ሃገርና ሳዕሪሩ ዝርከብ ግዕዘይ ምሕደራ ገባቲ ስርዓት ህግደፍ ብምውጋድ፡ ኣብ ኤርትራ ደሞክራስያዊ ለውጢ ንምርግጋጽ ኣብ ዝካየድ ዘሎ ቃልሲ ግደን እጃምን መንእሰያት ብሓፈሻ ተራ ምሁራት ከኣ ብፍላይ፡ እንታይ ክኸውን ከምዝግባእ ንምዝታይን ንምልዛብን ብዝተገብረልኩም ዕድመ መሰረት ከቢድ ሓላፍነት ተሰሚዒኩም ብምምጻእኩም ልዑል ምስጋና ነቕርብ ብምባል መባእታዊ መደረኦም ጀመሩ። ከምኡ'ውን መንእሰያት ተመሃሮ ዩኒቨርስቲ ኣዲስ ኣበባ፡ ሸሸመኔን ኣፍሪቃ ኮሌጅን ግደና ብግቡእ ንምልላይ፡ ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ንዓወደ ዘተን ልዝብን ክጽውዓና ብምብቕዑ ምስግና ዝግብኦ ተበግሶ ምዃኑ ገሊጾም።

ብድሕሪ'ዚ ኣባላት ሰክረታርያ ነዚ መድረኽ'ዚ ንምክፋት ሓደ ካብቲ ዝደረኸ ኣገዳስቲ ረቋሒታት ከረድኡ ከለው፡ ብእምነት ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኣብ ኤርትራ ብዘይተሳትፎ ናይቶም ተረኽብቲ ሕድሪ መንእሰያት፡ ደቂ-ኣንስትዮን ምሁራትን ዝመጽእ ደሞክራስያዊ ለውጢ ዘይምህላው ብምስትውዓል መስራቲ ጉባኤ ግንባር ኣብዞም ኣካላት ሕ/ሰብና እዚኣቶም ፍሉይ ቆላሕታ ብምሃብ ክስርሓሉ ብዘሕለፎ ውሳኔ ምዃኑ ኣረድኡ። ካብዚ መሰረት ብምግባር ድማ፡ ምስ ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ሌላ ምክያድ ከም መእተዊ ንጠቐመሉ ደኣንበር፡ መንእሰያትን ምሁራትን ኣብ ምርግጋጽ ደሞክራስያዊ ለውጢ ዝህልዎም ግደን እጃምን ሓሳብ ንሓሳብ ምልውዋጥን ምዝታይን እቲ ቀንዲ ኣጀንዳ ምዃኑ ኣብርሁ። ምስ ሌላ ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ተተሓሒዙ ከኣ ኣብቲ መድረኽ እዚ ዝስዕብ ሕቶታት ተላዒሉ ግቡእ መልሲ ተዋህቦ።

- ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ከም ሓደ ጽላል ክሳብ ዘሎ ካልእ ግንባር ምምስራት ንምንታይ ኣድልዩ?
- ምስ ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ዝህልወኩም ገድላዊ ዝምድናታት ከመይ ክኸውን ትርእዩ?
- ግንባር ምምስራቱ ክሳብ ዘይተረፈ ነጻ ውድባዊ ህላወ ንምንታይ ኣድለየ ሓደ ዘይትኾኑ?
- ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ካብ ዝመስረት ዝሰርሖ ጭቡጥ ስርሓት እንታይ ይመስሉ?
- ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ኣብ ሰሚናር ኣዲስ ኣበባ ተሳቲፉ'ዶ? ኣብኡ ዝተጻወቶ ተራ እንታይ ይመስል.........ወዘተ ዝብሉ ነበሩ።

ተሳተፍቲ ኣኼባ ከምዚ ዓይነት ተበግሶታት ምውሳድ ኣውንታዊ ምዃኑ ብድሕሪ ምርግጋጽ፡ ኣብ ኤርትራ ብዘይተሳትፎ መንእሰያት፡ ደቂ-ኣንስትዮን ምሁራትን ውሕስነት ደሞክራስያዊ ለውጢ ክረጋገጽ ከም ዘይኽእል ኣረድኡ። ምስቲ ኩሉ ብግዕዘይ ምሕደራ ገባቲ ስርዓት ህግደፍ ኣብ ልዕሊ መንእሰይ ኤርትራ ዝበጽሐ ኩሉ መዳያዊ ኣስካሕካሒ በደላትን ግፍዕታትን ግዲኡ ኣብ ምውሓስ ደሞክራስያዊ ለውጢ ዝበኾረሉ ምኽንያታት ከረድኡ

ከለው፡

- እዚ መንእሰይ’ዚ በቲ ኣብ ልዕሊኡ ዝፍጸም ኩሉ መዳያዊ ኣስካሕካሒ ግፍዕታትን በደላትን ካብ ዕለት ንዕለት ዶባት ሰጊሩ ዝስደደሉ ኩነታት ምህላዉ ርዱእ ጉዳይ’ኳ እንተኾነ፡ እቲ ካብ ህግደፍ ዝወረሶ ኣተሓሳስባ ብምውጋድ ቅኑዕ ደሞክራስያዊ ኣተሓሳስባ ክጥሪ ዝተገበረ ጻዕርታት ብጣዕሚ ድኹም ምኳኑ።

- ኣብ መንጎ ሓይልታት ደሞክራስያዊ ለውጥን መንእሰያትን ንዘሎ ጓግ ንምጽባብ ወይ ምርሕሓቕ ንምውጋድ ዘየቋረጽን ቀጻልነት ዘለዎን መድረኻት ዘተን ልዝብን ዘይምኽፋት፡

- ወዲ ሰብ ቀስ ብቀስ ከም ዝቕየር ዘይምእማን ካብ መንእሰይ ተስፋ ምቁራጽን።

- ብርቱዕ ዜናዊ ስርሓትን ጎስጓስን ንመንእሰይ ምቕያር ዘለዎ ዓቢ ተራ ብምግንዛብ፡ ኣብዚ መዳይ’ዚ ሓያልን መሳጥን ዕዮታት ዘይምስራሕ።

- መንእሰይ ኤርትራ በጺሕዎ ዘሎ ስነ-ኣእምራዊ ማህሰይቲ ብምስትውዓል፡ ንምርግጋኡ ተበግሶ ዘይምውሳድን ብክንድ’ቲ ዓቕሚ ዘፍቕዶ ሞራል ብምሃብን ገለ ጸገማቱ ብምፍታሕ ንደሞክራስያዊ ለውጢ ክብገስ ዘይምግባርን።

- ፖሎቲካዊ ውድባት ንዓቢ ሃገራዊ ጉዳይ ብምጉሳይ፡ ጸቢብ ውድባዊ ኣጀንዳታት ዘቐድምሉ ኩነታት ሰፊኑ ብምጽንሑ፡ ወዲ ሰብ ብፍላይ ከኣ መንእሰይ ኩሉ ግዜ ኣብ ለውጢ ከምዝኣምን መጠን ኣብ ፖሎቲካዊ ውድባት ተስፋ ዝህብ ለውጢ ዘይምርኣዩ………ወዘተ።

እዚ ካብቲ ቀንዲ ክጥቐስ ዝኽእል ምኽንያታት ምኳኑ ብድሕሪ ምርዳእ እቲ ተጀሚሩ ዘሎ ተበግሶ ክቅጽልን ምስ መንእሰያት ቀጻልነት ዘለዎ ርጡብ ዓውደ ዘተን ልዝብን ክካየድን ድማ ተላብዩም። ሰክረታርያ ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር ብወገኑ ኩሉ መፍትሒ ጸገማትና ልባዊ ዘተን ልዝብን ምኳኑ፡ ኣብ ሓባራዊ ሃገራዊ ኣጀንዳታት ከኣ ኩልና ትምህርቲ ብምሕፋስ፡ ኣብ ኤርትራ ብሓባር ደሞክራስያዊ ለውጢ ንምውሓስ፡ እዚ ተበግሶ’ዚ ክቕጽል ምኳኑ ብምርግጋጽ፡ እቲ መድረኽ ብህዱእን ምርድዳእ ብዝዓሰሎ መንፈስን ምዝዛሙ እቲ ካብ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ዝመጸና ሓበሬታ የረድእ።

**ቤት ጽሕፈት ዜናን ሓበሬታን**

**ኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ግንባር**